Folk–
bildnings
–rådet

# ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ መሰላትካ

ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ትመሃር ዲኻ፧ ብኹነታትካ ዕግበት ዘይብልካ ዲኻ ወይ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ሰብ ግርጭት ኣሎካ’ዶ፧ ከምኡ እንተ ኾይኑ፡ ንቦርድ ሕጋዊ መሰል ተመሃሮ ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ (Folkhögskolornas studeranderättsliga råd) ክትውከስ ትኽእል ኢኻ። ደገፍን ምኽርን ክንህብ ንኽእል፤ ኣየኖት መሰላት ከም ዘሎዉኻ ከኣ ክንሕብረካ ንኽእል።

## ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ውሑዳት ናይ ሓባር መምርሕታት ዘሎዎ ናጻ ትካል’ዩ

ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ብሰፋሕቲ ዕላማታት ዚእለ ቅርጺ ትምህርቲ’ዩ፤ ውሑዳት ናይ ሓባር መምርሕታት ከኣ’ዮም ዘለዉ። እቲ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ንጥፈታተን ንምክያድ ዚወስደኦ መንግስታዊ ሓገዝ ብቦርድ ህዝባዊ ትምህርቲ (Folkbildningsrådet) ይከፋፈል። ምስዚ ሓገዝ ዚተኣሳሰሩ መምርሕታት ኣለዉ፤ ግን ዕማም ቦርድ ህዝባዊ ትምህርቲ ነዘን ኣብያተ ትምህርቲ ምጽናዕን ምቊጽጻርን ኣይኮነን። ሕጊ ትምህርቲ ነዚ ኣይምልከትን፤ ንህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ዚርእዩ መርሃ ግብርታት’ውን የለዉን።

እዚ፡ ነቶም ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ እትመሃሩ ተመሃሮ ዘምጽኦ ጽልዋ እንተደኣ’ሎ፡ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ቦርድ’ዩ ነቶም ንኹነታትኩምን ንመሰላትኩምን ዚትንክፉ ዚበዝሑ ውሳነታት ዘሕልፍ ማለት’ዩ።

ንሕጋዊ ደረጃ ናይ ኰላቶም እቶም ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ዚመሃሩ ተመሃሮ ንምትራር፡ ቦርድ ሕጋዊ መሰል ተመሃሮ ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ “ኤፍ.ኤስ.ኣር.” (Folkhögskolornas studeranderättsliga råd, FSR) ቈይሙ’ሎ።

## ዕግበት የብልካን፧ ኣብ ግርጭት’ዶ ትርከብ ኣለኻ፧ ከምዚ ዚስዕብ ግበር!

ብኹነታትካ ዕግበት ዘይብልካ ዲኻ ወይ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ሰብ ግርጭት ኣሎካ’ዶ፧ እቲ ፈለማ ክትገብሮ ዘሎካ ነገር ንዳይረክተር ናይቲ ቤት ትምህርቲ ምውካስ’ዩ። ምስ ዳይረክተር ነቲ ጉዳይ ኣልዒልካ ዕጉብ እንተ ዘይኮይንካ፡ ነቲ ጉዳይ ብስምዕታ ናብ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ኣቕርቦ። ኣብቲ ጉዳይ መርገጽ ምስ ሓዙ እሞ ገና ዕግበት እንተ ዘይብልካ፡ ጉዳይካ ናብ “ኤፍ.ኤስ.ኣር.” (FSR) ብስምዕታ ከተቕርቦ ትኽእል።

ከመይ ዝኣመሰሉ ስምዕታታት ከተቕርብ ትኽእል፧
እዞም ዚስዕቡ፡ ገለ ካብቶም ናብ “ኤፍ.ኤስ.ኣር.” (FSR) ከም ስምዕታ ከተቕርቦም እትኽእል ጉዳያት’ዮም።

- እቲ ትወስዶ ዘሎኻ ኮርስ ምስቲ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝተመባጸዖ ዘይዳረግ እንተ ኾይኑ
- እቲ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ግዴታውያን ወጻእታት ግጉይ ሓበሬታ ሂቡ እንተ ኔሩ
- ሕጽረት ጽልዋ ተሳተፍቲ ወይ ሕጽረት መሰል ተመሃሮ እንተሎ

- ንውጽኢት ምህሮን ሕጽረት ተሳትፎን ዚምልከቱ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሩቲናት (ኣገባባት) ዚግበር ክትትል
- ሓደ ኮርስ እንተ ተቛሪጹ ወይ ተሰሪዙ
- ውሳነታት ዲሲፕሊን (ምስጓጐ ወይ ምንጻል)

ንዝተዋህቡ ገምጋማት ትምህርቲ ተመሃሮ: ናብ "ኤፍ.ኤስ.ኣር." (FSR) ወይ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ዚርከብ ካልእ ኣካል ይግባይ ምባል ኣይከኣልን።

ስምዕታ ጕዳያት ናብ "ኤፍ.ኤስ.ኣር." (FSR) ናይ ምቕራብ ኣኽእሎ፡ ነቶም ካብ 15 መዓልቲ ዚነውሕ ኮርስ ዚመሃሩ ጥራይ ይምልከት። እቲ ስምዕታ፡ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ወዳእካ እንተ ደንጐየ ድሕሪ ሓደ ዓመት ዝኣተወ ኪኸውን ኣለዎ።

## ድሕሪ ስምዕታ እንታይ ይስዕብ፧

ኣብ ንጥፈት ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ዚስከምን ኣየኖት መምርሕታት ምሰዓብ ከም ዘድሊ ዚውስንን ናይቲ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ቦርድ'ዩ። ስለዚ፡ "ኤፍ.ኤስ.ኣር." (FSR)፡ ንሓደ ጕዳይ ገምጋሙ ኪህበሉ ከሎ፡ ካብ ናይቲ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ መምርሕታት'ዩ ዚብገስ።

"ኤፍ.ኤስ.ኣር." (FSR) ንውሳነ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኪቕይሮ ፈጺሙ ኣይክእልን'ዩ፤ ነቲ ቤት ትምህርቲ ግን ምኽርታትና ንህቦ ኢና። ክሳዕ ሎሚ፡ እተን ስምዕታ ዝቐረበን ዚበዝሓ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ንምኽርታት "ኤፍ.ኤስ.ኣር." (FSR) ስዒበን'የን።

"ኤፍ.ኤስ.ኣር." (FSR) ብኸመይ ኣብ ዝተፈላለዩ ጕዳያት ከም ዘመዛዝን ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ፧ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኣንብብ፡-
***www.folkbildningsradet.se/fsr***

**ምሳና ርክብ ንምግባር፡-**
ጸሓፍቲ ጕዳይ "ኤፍ.ኤስ.ኣር." (FSR)፡- 08-412 48 10
ዋና መስመር ቴለፎን ቦርድ ህዝባዊ ትምህርቲ 08-412 48 00
fsr@folkbildningsradet